# ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (USCIRF)

**ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እንታይ እዩ፥**

ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (USCIRF)፡ ኣብ 1998 ብዝወጸ ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት (IRFA) ዝቖመ ዘይሻራዊ፡ ንኽልቲኡ ሰልፍታት ዚውክል ኮሚሽን ፈደራላዊ ምምሕዳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እዩ። ንኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ብትሪ ዚጣበቕ ሰፊሕ ሰረት ዘለዎ ልፍንቲ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ሃይማኖታዊ ናጽነት፡ ቀንዲ ኣካል ፖሊሲ ወጻኢ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ስለዝኾነ፡ ንዕኡ ንምሕያል ይጽዕር። ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንኣህጉራዊ መትከላት ሕጊ ብምጥቃም ኣብ ወጻኢ - ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዘይኮነ -ንዘሎ ኣድማሳዊ መሰል ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት ብሕጊ ይከታተል፣ ከምኡውን ለበዋታት ፖሊሲ ድማ ንፕረሲደንት፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢን ባይቶን ይህብ። ኮሚሽነራት ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብፕረሲደንትን መራሕቲ ባይቶ ክልቲኤን ፖሎቲካውያን ሰልፍታትን ይምዘዙ። ኣባላት ሰራሕተኛታት ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኾኑ ክኢላታት፡ ንዕማማት USCIRF ይድግፉ እዮም። USCIRF፡ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት እተፈልየ ስለዝኾነ፡ ኣምባሳደር ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት'ቲ ክፍሊ'ቲ፡ ከይተመርጸ *ብምኽንያት ዘለዎ ስልጣን* ኮሚሽነር ይኸውን።

**ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣብ ወጻኢ፡ እንታይ ማለት እዩ**

ሃይማኖታዊ ናጽነት፡ ብኣህጉራዊ ሕግን ስምምዓትን ተቐባልነት ዝረኸበ ኣገዳሲ ሰብኣዊ መሰል እዩ። ዓንቀጽ 18 ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከምዚ ይብል፥ "ነፍስወከፍ ሰብ፡ ናይ ሓሳባት፡ ሕልናን ሃይማኖትን ናጽነት ኣለዎ፣ እዚ መሰል'ዚ ድማ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ናይ ምልዋጥ ናጽነት ከምኡውን ብውልቁ ይኹን ኣብ ዝቕመጠሉ ኮም ምስ ዘለዉ ካልኦት ሰባት፡ ብግሁድ ይኹን ብምስጢር፡ ትምህርቲ፡ ምኽታል-እምነት፡ ኣምልኾን በዓላትን ብምክያድ ንሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ናይ ምግላጽ ናጽነት የጠቓልል።" ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት፡ ናጽነት ሓሳባትን ሕልናን ዜጠቓልል ሰፊሕ መሰል ኮይኑ፣ ምስ ናጽነታት ዘረባ፡ ማሕበርን ኣኼባን እተኣሳሰረ እዩ። ምሕያል'ዚ ናጽነት'ዚ፡ ኣገዳሲ ኣካል ፖሊሲ ወጻኢ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እዩ።

**ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እንታይ ይሰርሕ**

- ኣብ 1 ግንቦት ነፍስወከፍ ዓመት፡ **ዓመታዊ ጸብጻብ የቕርብ።** እዚ ጸብጻብ'ዚ፡ ብምምሕዳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንዝካየድ ትግባረ ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ይግምግም፣ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ነተን "ብዘይኣፋላላይ፡ ቀጻሊ፡ ከቢድ ምጥሓስ ሃይማኖታዊ ናጽነት" ዘካይዳ ወይ ንኽፍጸም ሱቕ ኢለን ዝርኣያ ሃገራት፡ "ብፍሉይ ዘሰክፋ ሃገራት" ኢሉ ክረቑሐን ብዛዕባ ዘለዎ ሃገራት እማመ ይህብ፣ ኣብ ከባቢ 30 ሃገራት ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ይስንድ፣ ከቢድ ወሰኽ ምጥሓስ እንተልዩ ጸብጻብ የቕርብ፣ ከምኡውን ብዛዕባ ፖሊስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዚምልከት ለበዋታት ይህብ። ከምቲ ብኽፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ዚቐርብ እተፈለየን በይኑ ዝዓይነቱን ጸብጻብ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ዘይኮነ፡ ዓመታዊ ጸብጻብ ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንፍሉይ ለበዋታት ፖሊሲ ዜጠቓልል እዩ።

- ምስ ኣብያተ-ጽሕፈት ባይቶ ብሓባር ብምስራሕ፣ ኣብ ሕጋዊ ጉዳያት ምኽሪ ብምሃብ፣ ጉዳያት ኣብ ዝስምዓሉ ግዜ ምስክር ብምዃን ከምኡውን ኣብ ጉዳያት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣፍልጦ ብምሃብ፡ **ንባይቶ የሳትፎ።** ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት

መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንኣብነት፥ ንኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ምክልኻል፣ ሓደጋነት ሕግታት ጸረ-ውርደት (ጸርፊ)፣ ህልቂት፣ ስደተኛታት፣ ኣብ ቻይና፡ ግብጺ፡ ኢራን፡ ሶርያ፡ ቬትናምን ካልኦት ሃገራትን ዘፍጸም ዓመጽ ሃይማኖታዊ ናጽነት፣ ኣብ ኤውሮጳ ዝርከብ ዝምቡዕ ጸረ-ኣይሁድን ጸረ-ምስልምናን፣ ከምኡውን ቃንዛ ናይቶም ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ እሱራት ሕልና ኣብ ዝኣመሰለ ጉዳያት፡ ባይቶ ከምዝሳተፍ ይገብር።

- **<u>ንጨንፈር ፈጻሚት ኣካል የሳትፍ</u>**፥ ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ሓበሬታ ንኽለዋወጥ፡ ዘሰክፉ ኲነታት ብትኹረት ንምዝርራብን ኣብ ፖሊስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንዘተኮረ ለበዋታት ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንምዝታይን፡ ኣብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢን ጸጥታ ውሽጢ ሃገርን ምስ ዝርከብዎም ሰበ-ስልጣን ጨንፈር ፈጻሚት ኣካል ይራኸብ።

- ምስ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስታት፡ ወከልቲ ዘይ-መንግስታውያን ውድባት፡ ሃይማኖታውያን መራሕቲ፡ ግዳያት መከራ፡ ከምኡውን ንሃይማኖታዊ ናጽነት ዜሐይሉ ካልኦት መሻርኽትን ብምርኻብ፡ **<u>ኣብ ወጻኢ ብዛዕባ ዘሎ ኲነታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ይሰንድ።</u>** እተን ምብጻሕ ዝግበረለን ሃገራት፡ ነዘን ዝስዕባ የጠቓልላ፥ ኣፍጋኒስታን፡ ኣዘርባጃን፡ ባሕሬን፡ ባንግላዲሽ፡ በላሩስ፡ በርማ፡ ማእከላይ ረፑብሊክ ኣፍሪቃ፡ ቻይና፡ ግብጺ፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ኢንዶነዥያ፡ ዒራቕ፡ ናይጀርያ፡ ፓኪስታን፡ ሩስያ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ስሪ ላንካ፡ ሱዳን፡ ሶርያ፡ ታጂኪስታን፡ ቱርኪ፡ ቱርክመኒስታን፡ ኡዝበኪስታንን ቬትናምን።

- ንዓለምለኻዊ ኣጠቓቕማ ሕግታት ውርደት (ጸርፊ)፣ ፑቲን ኣብ ሩስያ ዘዐንቅጾ ዘሎ ሃይማኖታዊ ናጽነት፣ ሃይማኖታውያን እሱራት ሕልና፣ ንመሰላት ደቀኣንስትዮ ኣብ ምድጋፍ ዝሕግዙ ዓለምለኻዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት፣ ወገናዊ ዓመጽ፣ ኣብ በርማ ዝፍጸም ዘሎ ዓመጻት ሃይማኖታዊ ናጽነት፣ ጸረ-ሴምነት፣ ከምኡውን ብምምሕዳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዚግበር እተቐላጠፈ ምብራር ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ዘጠቓልል **<u>ኣርእስታት፡ ለበዋታት፡ ጋዜጣዊ መግለጺታት፡ ርእሰ-ዓንቀጻትን ዓንቀጻት ጆርናለን ዝሓዘ ጸብጻባት የዳሉ።</u>**

- ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ጸጥታን ምትሕግጋዝን ኤውሮጳን (OSCE) ኤውሮጳዊ ሕብረትን ከምኡውን ኣብ ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት ኣተኲሩ ዝሰርሕ ኣህጉራዊ ጉጅለ ኣባላት ፓርላማ (IPP-FoRB) ኣብ ዘጠቓልል ንሃይማኖታዊ ናጽነትን ተጻዋርነት ኣብ ዚተኣሳሰር ኣኼባታት **<u>ኣብ ብዙሕ ጕድንታት ይነጥፍ።</u>**